# ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ

## ወንጌል ማቴዎስ 4፡23

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ተልእኮ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብዚ ዓለም እዚ መልእኽቲ ድኅነት (በዛራርባ ማቴዎስ "ብሥራት መንግሥቲ") ምትሕልላፍ ኢዩ። ንሱ ቃል እግዚኣብሔር-ኣብ ስለዝኾነ እቲ መልእኽቲ ብቃላቱን ብሥርሑን ኪዝርግሖ ኪብል ዝኸተሎ ዝነበረ ኣገባብ፡ ማቴዎስ ከምዚ ኢሉ ይገልፆ፡




"ኢየሱስ ኣብ ኲላ ገሊላ፡ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ እናመሃረ፡ ብሥራት መንግሥቲ እናሰበኸ፡ ኣብ ሕዝቢ ዘሎ ኲሉ ዓይነት ሕማም እናሕወየ፡ ይዘውር ነበረ።" (ማቴ 4፡ 23)።

እምበኣር ምምሃርን፡ ምስባኽን፡ ምሕዋይን፡ ናይ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ 3 ዓመት ሥራሕ ኮይኑ ተረኺቡ።

ሀ. ኢየሱስ መምህር ኢዩ፤ መምህር ዚበሃል፡ ንሓቂ ፈሊጡስ፡ ብሥልጣንን ክእለትን ዜመሓላልፍ፡ ኬጠራጥር ንዚኽእል ሕቶታት ኪምልሽ፡ ጌጋ ርድኢትን ስጉምትን ከይውሰድ ኪከላኸል ዚኽእል ሰብ ኢዩ። ኢየሱስ ሓቀይና መምህር ከምዝኾነ ተኣሚኑሉስ፡ "መምህር ኢልኩም ትጽውዑኒ፡ ከምኡ ስለዝኾንኩ ድማ ጽቡቕ ኣሎኹም።" ኢሉ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ባዕሉ ይምስክር። ሰብ እውን "ረቢ!" ማለት "መምህር!" ኢሉ ይጽውዑዎ ነበሩ (ማቴ

19፡16)። ኪምህር እንከሎ *"ሥልጣን ከምዘለዎ ደኣ እምበር ከም ፈሪሳውያን ነቲ ዝተባህሎም ዚደግሙ ጥራሕ ኣይምህርን ነበረ"* (ማቴ 7፡ 29)፡ ጸላእቱ እውን ከይተረፉ *"ብሓቂ እምበር ገጽ ሰብ እናረኣኻ ኣይትምህርን ኢኻ"* (ማቴ 22፡16) ኢሎም ይእምኑሉ ነበሩ።

ኣርእስቲ ትምህርቱ፡ መብዛሕቱ ጊዜ፡ በቲ ኣብ ከባቢኡ ዝርእዮ ዝነበረ ኲነታት ተላዒሉ ኢዩ ዚዛረብ ዝነበረ፡ ንኣብነት ብዝሩእ ግራት ኪሓልፍ እንከሎ ሓዋርያት ስለዝተወቐሱ፡ *"ካብ መሥዋዕቲ ምሕረት እፈቱ፣ ወዲ ሰብ ጐይታ ሰንበት ኢዩ"* (ማቴ 12፡ 7-8 ርኤ) ዚብል ትምህርቲ ይህብ፡ ኣብ ቤት ጸሎት ኢዱ ዝነቐጸት ይርከብ እሞ ኢየሱስ ኬሕውዮ ደልዩ፡ *"ኣብ ዒላ ዝወደቐ እንስሳ ብቐዳም ኣይተውጽእዎን ዲኹም? ብሰንበት ጽቡቕ ምግባር ግቡእ ኢዩ"* (12፡ 9-13) ኢሉ ይምህር። ከምኡ ምስላታቱ ኣብ መዓልታዊ ሕይወቶም ኪዕዘብዎ ዚኽእሉ ዝነበሩ ተግባራት ምኽንያት ረኺቡ (ሓረስታይ ኪዘርእ፡ ገፋፍ ዓሳ ሥርሑ ኬሥልጥ እንከሎ ...) ይዛረብ ነበረ። ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ብጊዲኦም ኪምህሩ ክእለትን ሥልጣንን ሃቦም (ማቴ 28፡20)። ቅድም ግና ባዕሉ ኣሠልጠኖም (ምዕ 10)።

ለ. [ኢየሱስ እናሰበኸ ይዘውር ነበረ፤] ኣብ ሞንጎ ሰባኽን መምህርን እንታይ ፍልልይ ኣሎ? መምህር ብዛዕባ ሓቂ ኪገልጽን ኬረድእን፡ ንሕቶታት ኣራቒቑ ኪምልሽን፡ ኣብ ልክዕ ዝኾነ ነጥብታት ኪብጻሕ መምርሒ ኪህብ እንከሎ፡ ሰባኺ ግና ኣዋጂ፡ ወይ ኣበሣሪ ሓቂ ኢዩ። ሰባኺ ንልቢ ሰብ ኪዛረብ እንከሎ፡ መምህር ግን ንእምሮ ሰብ ኪመልኽ ይጽዕር። መምህር ንፍልጠት ኪዛረብ እንከሎ፡ ሰባኺ ሕይወትን ጠባይን ንምቕያር ወይ ንምምሕያሽ

ይለኣኽ (ማር 6፡12፤ ሉቃ 24፡47)። ትሕዝቶ ስብከት መብዛሕቱ ጊዜ ቃል ኣምላኽ ኢዩ (ማር 2፡2፤ ግ.ሓ. 4፡ 29 ...) ሓጺርን ንጹርን ኢዩ፡ *"መንግሥቲ ኣምላኽ ቀሪባ ኣላ እሞ፡ ተነስሑ!"* (4፡17፣ 10፡ 7፡ ማር 1፡4. 7-8. 14-15፤ ሉቃ 4፡ 20) ትምህርቲ ግና ነዊሕ ኪኸውን ይኽእል (5-7፤ 10፤ 13...)፡ ኣብ ክእለት ዘረባ ድማ ኣይተመሥረተን (1 ቆሮ 1፡17)።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓዋርያት ኪሰብኩ ለኣኾም (10፡ 7) ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ሓደ ቀንዲ ሥርሖም ኪሕዝቆ እውን ደለየ። ስለዚ ጴጥሮስ፡ *"ንሕና መዓዲ ክንሰርዕ ክንብል፡ ቃል ኣምላኽ ምስባኽ ክንሓድግ ኣይግባኣናን ኢዩ..."* (ግ.ሓ. 6፡ 4) ጳውሎስ ድማ፡ *"ክርስቶስ ቃል ወንጌል ክሰብኽ እንበር ከጥምቕ ኣይለኣኸንን"* (1 ቆሮ 1፡17)።

ሐ. *ሕማም እናሕወየ ይዘውር ነበረ*፤ ሰብ ብነፍስን ብመንፈስን ብሥጋን ስለዝቆመ፡ ነፍሲ ብእምነት ትድኅን፡ መንፈስ ብቅሳነት-ኣእምሮ - መልሲ ንሕቶታት ብምርካብ - ብቅኑዕ ውሳኔታት ትሃድእ፡ ሥጋና ድማ ብጥዕና ሰላም ይርከብ። በንጻሩ፡ ሰብ ብነፍስን ብመንፈስን ብሥጋን ኪጐድል ፡ ማለት ኪሓምም ይኽእል። ሓጢኣትን ክፍኣት ልብን ናይ ነፍሲ ሕማም፡ ዝኽርን ወቓሳ ሓጢኣትን፡ ሓዘንን፡ ጭንቀትን፡ ፍርሕን፡ ጥርጥርን ወዘተ. ናይ መንፈስ ስቃይ፡ ሕማም ርእሲ፡ ደምን፡ ጅማውትን፡ ቈርበትን ወዘተ. ከኣ ጒድኣት ሥጋና ኪኾኑ ይኽእሉ። ሕሙም ክንዲ ናብ ኣምላኽን ናብ ሓቅን ዜትኵር ናብ ገዛእ ርእሱ ኪጥምት ስለዚኽእል፡ ካብ ሰብ ተፈልዩ ናብ ሓደጋ ኪወድቕ ስለዚኽእልL በዚ መኣ ካብ ሕማም ናብ ሕማም ኪሳገር ይኽእል። ኢየሱስ ግና፡ *"ሕይወት ምስ*

*ምልኣቱ ኪረኽቡ ኢሎ ኢየ መጺኤ"* ስለዚ'ብል፡ ንሰብ ብነፍስን መንፈስን ሥጋን ኬድኅን ኢዩ ዕላማኡ እሞ፡ ብስብከቱ ነፍሲ ክትኣምንን ክትድኅንን፡ መንፈስ ብትምህርቱ መልሲ ንሕቶታቱ ክትረክብን ሥጋን መስፈስን ነፍስን ውዲ ሰብ ድማ ብፈውሱ ምሉእ ጥዕና ኪረክብ ኢሉ መጺኡ። ስለዚ፡ *"በብዓይነቱ ሕማማን ቃንዛን ዘለዎም፡ ኣጋንንቲ ዝሓደርዎም፡ በብወርሒ ዚለዓል ሕማም ዘለዎምን ልሙሳትን ኣምጽኡሉ፡ ንሱ ድማ ኣሕወዮም።"*

ንሓዋርያት ናብ ስብከት ኪልእኾም እንከሎ ከኣ፡ *"ሕሙማት ኣሕውዩ፡ ሙታን ኣተንሥኡ፡ ለምጻማት ኣንጽሑ፡ ኣጋንንቲ ኣውጽኡ…"* እናበለ ሥልጣን ንዓታቶም እውን ኣመሓላለፈሎም። ናይ ሎሚ ሓዋርያ፡ ብስም ሥላሴ ዝተጠመቐ፡ ብሜሮን መንፈስ ቅዱስ ዝተቐብኤ፡ ብቅዱስ ቊርባን ዝተቐለበ ክርስትያን እውን ኣንበኣር ኪመሃርን፡ ኪሰብኽን ኼሕውን ተልእኾ ይወሃቦ ኢዩ እሞ└ በዚ መሣርሒታት ተጠቒሙን ተኣሚኑን ኪዋፈር ኣለዎ።